# መብራህርሂ
# ናይ
# «መፍረስቲ ኢስላም»

ኢማም ዳዕዋ ሸይኹል ኢስላም
ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ቢን ሱለይማን አት-ተሚሚይ
ረቢ ይርሓመሉን በቲ ገፊሕ ጀነቱ ያእትዎን

መብራህርሂ ዝኸበሩ ሸይኽ
ሀይሠም ቢን ሙሓመድ ጀሚል ሰርሓን
ሕሉፍ መምህር ቤት ትምህርቲ ኽቡር መስጅዱ ነበውይን
ናይ ታእሲለል ዒልምይ ዌብሳይት ሓላፊን
http://attasseel-alelmi.com

ንዑ፣ ንወለዱን እዚ ኪታብ ንኽወፅእ ሓገዝ ንዝገበረን ኩሉ

ረቢ ምሕረቱ ይግበር

ቀዳማይ ሕታም

መሰሉ ብሕጊ ዝተሓለወ

إلَّا من أراد طبعه أو ترجمته لتوزيعه مجَّانًا بعد مراجعة المؤلِّف

الرَّجاء التَّواصل على:

islamtorrent@gmail.com

# መሰረታዊ ፅሑፍ
# መፍረስቲ ኢስላም

**ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ሸይኹል ኢስላም ሙሓመድ ቢን ዓብዱል ወሃብ ኸምዚ ይብል፡**

**ብሽም ኣላህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ**

**መፍረስቲ ናይ ኢስላም ዓሰርተ ምዃኖም ፍለጥ!**

ቀዳማይ: ብመግዛእቲ ንኣላህ ሽርካ ክትገብረሉ: ልዑል ጎይታና ኸምዚ ይብል {ኣላህ ንዑኡ መሻርኽቲ ኽግበረሉ ኣይምሕርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ይምሕር። ...} (ኣን-ኒሳእ 48) ብኻሊእ ቃሉ {...እነሆ! ብኣላህ መሻርኽቲ ንዝገብር ሰብ ኣላህ ጀነት ንዑኡ ብርግፅ ሓራም ገይርዋ። መንበሪኡ ሓዊ እዩ። ንወፃዓት ድማ ረዳኢ የብሎምን} (ኣል-ማኢዳህ 72) ንኻሊእ ኢልካ ምሕራድ `ዉን ካብኡ እዩ። ንኣጅናን ወይድማ ንቀብሪ ከምዝሓርድዎ ዓይነት ማለት እዩ።

ኻልኣይ: ኣብ ሞንጎኡን ኣላህን ብዱዓ ዝፅውዖምም፣ ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ) ዝሓቶም፣ ዝምከሐሎም ዝኾኑ ሞንጎኛታት ዝገበረ ካፊር ንምዃኑ ኢጅማዕ (ሓድነት ድምፂ ዑለማታት) ዘለዎ እዩ።

ሳልሳይ: ሙሽሪኪን ካፊር ምዃኖም ዘየተቀበለ፣ ወይ ድማ ካፊር ንምዃኖም ዝትጣራጠረ ወይ `ውን መንገዶም ቅኑዕ ገይሩ ዝሕስብ ካፊር እዩ።

ራብዓይ: ዝኾነ ይኹን ዓይነት መምርሒ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ መምርሒ ብዝሓሸ ዝተማልአ ገይሩ ዝኣምን፣ ወይ ድማ ናይ ኻልኦት ሕግታት ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ሕግታት ዝሓሸ ገይሩ ዝኣምን - ከምቶም ስራሕቲ ሰብ ዝኾኑ ሕግታት ካብ ሕጊ ነብይና ﷺ ዘብልፁዎ ዓይነቱ - ካፊር እዩ።

ሓምሻይ: ነብዩ ﷺ ሒዘሞ ካብ ዝመፁዎ (መምርሒ) ሓንቲ እኳ እንተፀሊኡ ዋላ ዝሰርሖሉ እንተኾነ `ውን ብዘየገድስ ካፊር እዩ።

ሻድሻይ: ካብ ነብዩ ﷺ ሃይማኖት ብዝኾነ ነገር ወይ ድማ ብዓስቢ ረቢ ወይ `ውን ብመቅፃዕቱ ዝሕጭጭ ካፈር ኮይኑ እዩ፤ ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ : {…«ብአላህ፣ ብዓናቅፁን ብልኡኹን ትሕጭጩ ዲኹም ኔርኩም?» በሎም። (65) ሰበብ አይትግበሩ፤ ብርግፅ ድሕሪ ምእማንኩም ኽሒድኩም ኢኹም።…}(አት-ተውባህ 65-66)

ሸውዓይ: ሲሕሪ - ከምኒ መስተፋቅርን መስተፃርርን ዓይነቱ `ውን - ወይ ዝሰርሐ ወይ ድማ ዝፈተወ ካፈር እዩ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {«ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምሀሩን፡፡} (አል በቀራህ 102)

ሻምናይ: (አብ ሞንጎ ፅልኢ ሙስሊሚንን ሙሽሪኪንን) ንሙሽሪኪን አብ ልዕሊ ሙስሊማት ሓገዝን ረድኤትን ምግባር። መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {…አብ ሞንጎኹም ረዳኢ ገይሩ ዝሕዞም ንሱ ምስኦም እዩ። አላህ ወፃዓት ህዝብታት አየቅንዕን። }(አል ማኢዳህ 51)

ታሽዓይ: ልክዕ ከምቲ ኽዲር ካብ ሙሰ ﷺ ሽሪዓ ወፂኡ ዝነበረ ንገለ ሰባት `ውን ካብ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ሽሪዓ ኽወፁ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝአምን ካፈር ኮይኑ እዩ።

ዓሽራይ: ብዘይመሃሮን ብዘይሰርሐሉን ካብ ዲን ናይ አላህ ዝባኑ ዝሃበ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል ልዑል አላህ እዩ: {ብዓናቅፀ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ዝባኑ ካብ ዝሃባን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ግፍዐኛ መን አሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ግፍዐኛታት ሕነ ፈደይቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22)

ተገዲዱ ክሳብ ዘይኮነ ነዞም አፍረስቲ ዝገብር ብፀዋታዕ ይግበሮ ወይ ብቁምነገር ወይ ኸዓ ፈሪሑ ፍልልይ የብሉን። ኩሎም ድማ ሓደገኛ ዝኾኑን ንብዙሕ ግዜ ዝረአዩን እዮም። ሙስሊም ዝኾነ ሰብ `ውን ክጥንቀቅን ካብ ባዕሉ ስግአት ክሓድረሉን ይግባእ። ቁጠዐ ናቱን ዘሳቂ መቅፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብአላህ ንሕሎ። ሰላዋት ረቢና ካብ መላእ ፍጥረት ብሉፅ ብዝኾኑ፣ ብስድራኦምን ብብፆቶምን ይኹን።

# መብራህርሂ

## መእተዊ ናይ ሸይኽ

**ብሽም ኣላህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ዝሓዝንን ዝኾነ
መፍረስቲ ናይ ኢስላም ዓሰርተ ምኽኖም ፍለጥ!**

**ዑለማታት ንምንታይ እዮም ፅሑፋቶም
ብቢስሚላህ ዝጅምሩ?**

| ብኽቡር ሽም ረብና በረካን ቅንዕናን ከም ምድላይ | ረቢ ይርሓመሎም ንቀዳሞት ከም መርኣያ ምስዓብ | {ንኣላህ ብምዝካር ዘይተጀመረ ነገር ኩሉ ጉማድ እዩ} ዝብል ሓዲሥ ዶዒፍ እንተኾነ `ውን (ንልክዕ መልእኽቱ) ትርጉም ከም ምሃብ | ብኣላህ ብመፃሕፍቱን ብነብያትን (ዓለይሂሙ ሰላም) ከም ምምራሕ |
|---|---|---|---|

**ብቁርኣንን ሓዲሥን ቁፅሪ እንተተዘኪሩ:**

| ብቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ንላዕሊ እንተረኺብና እቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ትርጉም ኣይህልዎን። ማለት: ብመሰረት ቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተጠቕሰ ቁፅሪ ዝያዳ ይውሰኽ። ንኣብነት: "ሓሙሽተ ነገራት ካብ ተፈጥሮ እዮም።..." ከምኡ `ውን *"ሸውዓተ መጥፍኢታት ተጠንቀቑወን..."* | ብቁርኣንን ሓዲሥን ካብቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ንላዕሊ እንተዘይረኺብና ግን እቲ ዝተበሃለ ቁፅሪ ትርጉም ይህልዎ። ማለት: ኣይውሰኽሉን። ንኣብነት: ብሓዲሥ ጅብሪል ዝመፁ ብዝሓት ኩርናዕ ኢስላምን ኢማንን |
|---|---|

አብ ገለ እዋን ተዘኪሩ ትርጉም ዘይህልዎ እንተኾይኑ ንምንታይ ደአ እቲ ቁፅሪ ይዝከር?

እዚ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ፅቡቅ ሜላ ምምሃር እዩ። ነዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት ካብቶም ዝሰምዑዎም ዘለው ሰባት በቲ ኮፍታኦም ንዝተብሃለ ድሕሪ እዋን ብቀሊሉ ንኽመፀሎምን አዕርዮም ንኽሕዙዎን ስለዝደለዩ እዩ። "ሰለስተ ዝምሕለለን ነገራት አለው። ዝፀውየኩም ነገር `ውን አለኒ ብቃልኩም ሓዙዎ፤ 'ሰደቃ ካብ ገንዘብ ባሪያ አይቅንሰሉን...'"

ንምንታይ ኢና ብዛዕባ መፍረስቲ ናይ ኢስላም ንመሃር?

ንኽንጥንቀቅን አብአን ንኸይንወድቅን ረብሓ አለዎ። እኳ ደአስ ዝለዓለ ረብሓ ካብ ዘለዎም እዩ። ከምቲ ዉዱእና ንኸይነጥፍእ ዉዱእ ዘጥፍኡ ነገራት ንመሃሮ፤ ሶላትና ንኸይጠፍእ ሶላት ዘጥፍኡ ነገራት ንመሃሮ ማለት እዩ። ሑዘይፋ ኢብኑል የማን ረድየላሁ ዓንሁ ኸምዚ ይብል፡ "ሰባት ንልኡኽ አላህ ﷺ ብዛዕባ ፅቡቅ ነገራት ይሓትዎም ነይሮም፤ አነ ድማ ንኸየጓንፈኒ ፍርሒ ብዛዕባ ሕማቅ ነገራት ይሓቶም እየ ነይረ።"

ናይ ኢስላም መፍረስቲ ማለት እንታይ እዩ?

እዚኦም ኢስላሙ ዘዕንውን ካብ ኢስላም ናብ ዓብይ ኩፍሪ ዘውፅኡዎን እዮም። ኢስላም ማለት <ዓርስኻ ንአላህ ኩለመዳይኻ ብሕታዊ ጌርካ (ብተውሒድ) ክትህብ፤ ብምእዙዝነትካ ንዑኡ ክትስዕብ፤ ካብ ሽርክን ሰባት ሽርክን ዓርስኻ ክተፅሪ እዩ።>

ብቁፅሪ ዝተዓቀቡ ድዮም ኸ?

ብቁፅሪ ዝተዓቀቡ አይኮኑን ንምንታይ ደአ *"ዓሰርተ እዮም"* ኢሉ?

ነቶም ሓደገኛታት ብቃልካ ንኽትሕዞም

እዚኦም መፍረስቲ አብ ሞንጎ ዑለማታት ሓድነት ድምፂ አለወም ዶ?

እወ!

ዑለማእ ንምንታይ እዮም ሓደ ሓደ ጊዜ መፍረስቲ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ መዝረግቲ ኻሊእ ጊዜ ኸዓ መዕነውቲ ዝብሉ?

ንተምሃራይ ምእንታን መማረፂ ምብዛሕ እምበር መልእኽቱ ሓደ እዩ። ናይ ውዱእ/ኢስላም መፍረስቲ፣ መዕነውቲ ሶላት፣ ፆም ዝዘርጉ ከምንብሎ ማለት እዩ።

**ትርጉማ፡**

ረቢ ሰላምን ሓለዋኡን ይግበረልና `ሞ ንሙስሊም ካብ ኢስላም ናብ ዓብይ ኩፍሪ ዘውፅኡዎ እዮም።

### ከምብሓፈሻ ኸ ምቁፃር ይከኣል ዶ?

እወ፡

- ጥርጣረ፡ ፃውዒት ነብዩ ﷺ በፂሑዎም ዘይኣመኑ ሰባት ካፊር ንምዃኖም ዝጣራጠር
- እምነት፡ ብዜካ ብኣላህ ብኻሊእ ጥቅሚ ከምዝርከብ ምእማን
- ምግባር፡ ከም ሲሕሪ ዓይነቱ
- ቃል፡ ንኣላህ ﷻ ወይ ንልኡኹ ከም ምፅራፍ ዘበለ

### ነዞም ዓሰርተ መፍረስቲ ነብዩ ﷺ ዘኪሮሞም ዶ? እንታይ ከ እዩ መርትዖኡ?

እወ! ነዞም ዓሰርተ መፍረስቲ ነብዩ ﷺ ዘኪሮሞም እዮም። እኒ ደኣስ መፍረስቲ ኢስላም ኩሎም ካብ ቁርኣንን ሓዲሥን መርትዖ ኣለዎም። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ይብል {ብኸምዚ (እቲ ሓቂን) መንገዲ ዓመፅቲን ብሩህ ንክኸውን ዓናቅፅ ንገልፅ።} (ኣል ኣንዓም 55)

### መፍረሲ ንዝገበረ ሰብ ዝረአየ ወይ ድማ ዝፈለጠ ኩሉ ዶ ፍርዲ ኩፍሪ ይህበ?

ኣይኮነን! ብውልቃውነት ካፊር ንምባል`ማ ብፍልጠቶም ዝሰርሑ ናብ ዝኾኑ ሸሪዓዊ ዳያኑ ዑለማታት ምምላስ ግድን እዩ። ልኡኽ ኣላህ ﷺ ኸምዚ ይብሉ፡ "ዝኾነ ይኹን ሰብ ንሓው <ኣታ ካፊር!> እንተይሉዎ (እታ ቃል) ኣብ ሓዲኦም ትዓርፍ።"

### ብዛዕባ መፍረስቲ መን ፅሒፉ?

ብዛዕባ ፊቅህ ዝፀሓፈ ኩሉ ትሕቲ "ሙርተድ ዘለዎ ፍርዲ" ዝብል ርእሲ መፍረስቲ ዘኪሩ እዩ። ዓርሱ ዝኸኣለ ኪታብ ገይሩ ንምውፃእ ግን ፈላማይ እዩ።

## ብዛዕባ መፍረስቲ በቲ ግብሪን ገባራይን ፍልልይ አሎ ዶ?

እወ! ግድን `ባ! ምኽንያቱ አብ ኩፍሪ ዝዓረፈ ኩሉ ፍርዲ ኩፍሪ ዝዓርፈሉ አይኮነን። ብውልቃውነት ካፊር ንኽበሃል መርትፆ ኽበፅሕን መደናገሪ ኽለዓለሉን ይግባእ። ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ዕላማ ናይ ሸይኽ `ውን እዚ ዘይኮነ እተን መፍረስቲ ብምጥንቃቅ ኡመተል ኢስላም ምምይያጥ (ነሲሓ ምግባር) እዩ።

## ብዛዕባ መፍረስቲ ካብ ዝተምሃረ እንታይ ይግባእ?

ሙስሊም ንባዕሉ ክጥንቀቅን ስግኣት ኽሓድረሉን ንኻልኦት `ውን ከጠንቅቅ ይግበኦ። ውልቃዊ ፍርዲ ንምሃቡ ግን ናብ ዓበይቲ ዑለማታትን ሸሪዓዊ ዳያኑን ምምላስ ይግባእ።

ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {ካብ ዓሌትኩም ዝኾነ ዘጓንፈኩም ዝሕይሎ፣ ናታትኩም (ምእማን) ምሒር ድላዩ ዝኾነ ፣ ንአመንቲ ራህራህ አዝዩ ዝሓዝን ልኡኽ ብርግፅ መፂኡልኩም። ንድሕሪት እንተይሎም <አላህ ይአኽለኒ እዩ፤ ብዜካኡ ኻሊእ አምላኽ የለን፤ ብኡ ይምካሕ! ንሱ ናይቲ ዓብይ ዓርሽ ጎይታ እዩ>በል። (ተውባ 128)

## ቀዳማይ መፍረሲ

ብመግዘእቲ ንአላህ ሽርካ ክትገብረሉ: ልዑል ጎይታና ኸምዚ ይብል {አላህ ንዑኡ መሻርክቲ ክግበረሉ አይምሕርን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዘሎ (ሓጢአት) ንዝደለዮ ይምሕር።…} (አን-ኒሳእ 48) ብኻሊእ ቃሉ {…እነሆ! ብአላህ መሻርኽቲ ንዝገብር ሰብ አላህ ጀነት ንዑኡ ብርግፅ ሓራም ገይርዋ። መንበሪኡ ሓዊ እዩ። ንዟሊማት ድማ ረዳኢ የብሎምን} (አል-ማኢዳህ 72) ንኻሊእ ኢልካ ምሕራድ `ዉን ካብኡ እዩ። ንአጅናን ወይድማ ንቀብሪ ከምዝሓርድዎ ዓይነት ማለት እዩ።

## ዓይነታት ሽርኪ

| ንኡሽተይ | ዓብይ |
|---|---|
| እንታይነቱ፡ አላህ ሰበብ ንዘይገበሮ ሰበብ ምግባርን ናብ ዓብይ ሽርኪ ዘብፅሕን ኩሉ። | (ሽይኽ ዝደለይዎ `ውን ነዚ እዩ) እንታይነቱ፡ ካብ ብዜካ አላህ ነዚአ ዓለም ብምምሕድዳር ሕቡእ ክእለት ከምዘለዎ ወይ ኸዓ ጥቅሚ ምምፃእ ይኹን ሕማቅ ንምትራፍ ብኢዱ ከምዘሎ ምእማን። |
| • ካብ መንገዲ (ኢስላም) አየውፅእን<br>• ፍሉይ ስራሕ ጥራይ እዩ ዘጥፍእ<br>• ደምን ንብረትን ሓላል አይገብርን<br>• ዘልአለም ጀሃነም ዝገብር አይኮነን<br>• (ካብ ዝፍለየሉ) ብሸሪዓ "ንኡሽተይ" ተባሂሉ ዝተገለፀ<br>• ብሸሪዓ ሽርኪ ወይ ኩፍሪ እንተተበሃለ `ውን ነቲ ዓብይ ብዝግለፅሉ ቋንቋዊ አገላልፃ ብ (ال) ዘይኮነ | • ካብ መንገዲ ኢስላም የውፅእ<br>• ሙሉእ ስራሕቲ የፅንው<br>• ደምን ንብረቱን ንዝምልከቶ በዓል ስልጣን ሓላል ይገብረሉ<br>• ንዘልአለሙ አብ ዉሽጢ ጀሃነም ይገብር<br>• (ካብ ዝፍለየሉ) ብሸሪዓ "ዓብይ" ተባሂሉ እንተተገሊፁ<br>• ዓብይ ምኺኑ ብዝሕብር ቋንቋዊ አገላልፃ ብ (ال) እንተተሓቢሩ |

## ነዚ ዓብይ ሽርኪ ምሕረት ይግበረሉ ዶ?

ዘይተጣዓሰ ከምዘሎ እንተሞይቱ ምሕረት አይግበረሉን። ምኽንያቱ ልዑሉ አላህ ኸምዚ ስለዝበለ፡ {አላህ ንዑኡ መሻርክቲ ክግበረሉ አይምሕርን እዩ።...} (ኒሳእ 48) ተጣዒሱ ተውባ እንተገይሩ ግን ምሕረት ይግበረሉ እዩ። ልዑል ጎይታና ዝስዕብ ስለዝበለ {«አ! አንቱም ብነፍስኹም ወሰን ዝሓለፍኩም ባሮት! ካብ ሕዝነት ረቢ ተስፋ አይትቁረፁ፤ አላህ ንሓጢአት ኩሉ ይምሕር እዩ። ንሱ`ኮ ራህራሂ ዝሓዝን ጎይታ እዩ።>> በሎም} (ዙመር 53) እዚ ዝኾን ግን ፀሓይ ብመእተዊአ ክሳብ ዘይወፀት እዩ። ነብዩ ﷺ ኸምዚ ስለዝበሉ {"ተውባ ክሳብ ዘይተቋረፀት ሂጅራ ምግባር አይቋረፅን፤ ተውባ(ተጣዒስካ ንስሃ) `ውን አይትቋረፅን ፀሓይ ብመእተዊአ ክሳብ ትወፅእ።"} ወይለ ካብ አፍ ሞት ክሳብ ዝኸውን፤ ማለት ሩሕ ትወፀሉ እዋን። ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል {ንስሃ ምቅባል `ውን ሓጢአት ንዝሰርሑን ሞት አብ ዝመፃም እዋን«አነ ሕጅ ተጣዒሰ»ንዝብሉን... አይኮነትን።...}(ኒሳእ 18)

## ዓይነት ኽልኩል ነገራት

**ደቀቅቲ**
ብሸሪዓ ፍሉይ መቅፃዕቲ ዘይተዘከረሉ ሓጢአት ኩሉ

**ከበድቲ ሓጢአት**
ንዝገበረ ርግማን፣ ካብ ራሕመት ጎይታ ምርሓቅ፣ ካብኡ ምፅራይ፣ "ካብ ካፈሮም/ካብቶም ሙሽሪኪን እዩ" ብዝብልን ብዝአምሰሉን መቅፃዕቲ፤ ወይ ድማ ካብ ሙስሊም አይኮነን ዝተበሃለሉ ወይ ኸዓ ምስ ሕማቅ እንስሳት ዝተማሳሰለሉ ኩሉ እዩ።

**ንኡሽተይ ሽርኪ**
ካብ ዓብይ ሽርኪ ዝነአሰ ካብ ከቢድ ሓጢአት ግን ዝኸበደ እዩ።

**ዓብይ ሽርኪ**
እቲ ከቢድ እዩ።

**ዘለዎ ኢስላማዊ ፍርዲ**
ብተውባ ተጣዒስካ ምምላስ ግድን እዩ። ነብዩ ﷺ (በብሓዘኑ ኩሉ እናኸደት ትበኪይ እንተዘይተጣዒሳ...) ብኻሊእ ሓዲሥ (እቶም ከቢዳት እንተተራሒቆም...) ስለዝበሉ

**ዘለዎ ደረጃ**
ይፈላለይ፤ ነብዩ ﷺ "ናይ ከቢዳት ኸቢድ (ሓጢአት)..." ስለዝበሉ

**ዝገበሮ ሰብ፡**
ኢማኑ ዘይተማልኸ ሙስሊም ወይ ድማ ብኢማኑ ሙስሊም ብሓጢአቱ ኸዓ ዓመፀኛ እዩ። ብመጠን ዘለዎ ኢማን ይፍቶ፤ ብመጠን ዘለዎ ሓጢአት ይፅላእ። ሓጢአቱ አብ ዝገብረሉ እዋን ሓቢርካ አይኽወንን

**ብዝሓቱ**
ብቁፅሪ ተዘይተዓ ቀበ `ውን ልዕል ኢሉ ብዝተሓበረ መሪሕ ቃል ይዕቀብ

## ዓይነታት ማሕረድ

**ፍቁድ**

ንስጋ፣ ኣጋይሽ ንምትእንጋድ፣ ንመሸጣ ኢልካ ምሕራድ

**ብዜካ ኣላህ ንኻሊእ ኢልካ ምስ ምፍታውን ምዕባይን ምሕራድ**

(ድላይ ሸይኽ `ውን እዚ እዩ)

ዓብይ ሽርኪ እዩ።

ንእጅናን ንሰባት ቀብሪ ኢልካ ምሕራድ ከም ማለት እዩ።

**ንኣላህ**

እቲ ብሸሪዓ ዝድለ ዓይነቱ እዩ፤ ከም ሃድይ፣ ኡዱሒያን ሰደቃን ዘበለ።

# ኻልአይ መፍረሲ

አብ ሞንጎኡን አላህን ብዱዓ ዝፅውያምም፣ ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ) ዝሓቶም፣ ዝምከሓሎም ዝኾኑ ሞንጎኛታት ዝገበረ ካፊር ንምኳኑ ኢጅማዕ (ሓድነት ድምፂ ዑለማታት) ዘለዎ እዩ።

## ዓይነታት ሽፋዓ (ዕርቂ ረቢ)

### ብዜካ አላህ ኻሊእ ብዘይኽእሎ

#### ዉጉዝ ዝኾነት

(ድላይ ሽይኽ `ውን እዚ እዩ)

እዚአ አላህ ዉጉዝ ዝገበራን አላህ እምበር ብዘይኽእሎ ሰባት ካብ ብዜካ አላህ ዝደልይዎ እያ፤ ዓብይ ሽርክ ድማ እያ።

#### ዝፀንዐት

አላህ ንባዕሉ ዘፅነዓን ካብ ብዜካኡ ዘይትድለን እያ፤ ዝስዕቡ ቅድመ ኩነታታ እዮም

(1) ንሽፋዓኡ አላህ ዝፈቀደ ምኳኑ

(2) ሽፋዓ ንዝገብሮ ሰብ አላህ ዝፈትወሉ ምኳኑ

(3) ሽፈዓ ንዝግበረሉ `ውን አላህ ዝፈተወሉ ምኳኑ

##### ከም ብሓፈሻ ናይ ልኡኻት፣ ነብያት፣ ናይ መልአክን ናይ ቆልዑትን ሽፈዓ

(1) ንዝያዳ ደረጃ በዓል ተውሒድ ዝግበር ሽፈዓ

(2) ንዓዛብ ዝተብሃለ በዓል ተውሒድ ንኸይአቱ

(3) ናብ ዓዛብ ዝአተወ በዓል ተውሒድ ንኽወፅእ

##### ንነብዩ ﷺ ጥራይ ዝኾነ

(1) ዓባያ ሽፋዓ

(2) ነብዩ ﷺ አቡጣሊብ መቅፃዕቱ ንክቅነሰሉ ዝገበሩዎ ሽፈዓ

(3) ማዕፆ ናይ ጀነት ንክኽፈት ዝገብሩዎ ሽፋዓ

### ፉጡራት ብዝኽእሉዎ

አርባዕተ ኩነታት እንተተማሊኦም ይፍቀድ እዩ

(1) ዘሎ/ቀረባ ክኸውን

(2) ብህይወት ዘሎ ምኳን

(3) ዝኽእል ምኳን

(4) ሰበብ ተገይሩ ኽተሓዝ ይግባእ

## ዝኾነ ሰብ ንሓው "ዱዓ ግበረለይ" ምባሉ ልክዕ ድዩ?

ምስዚአ ድልየቱ ዝኾነ ዓይነት ዓሚቅ ደላይነት ዘለዎ እንተኾይኑ እዚ ካብ ዓይነታት ንኡሽተይ ሽርኪ ሓደ እዩ። እዚ ዝተደለየ ብህይወት ካብ ዘሎ፣ ቀረባን ዝኽእልን ሰብ ኮይኑ ከም ሰበብ ዝተሓዝ እንተኾይኑ ግን ዝከአል እንተኾነ `ውን ምግዳፉ ይብልፅ።

## ተወኩል

ዝተሓንፀፀ ሰበብ ምስ ምብፃሕ ሙሉእ እምነትካ ኣብ ረቢ ጌርካ ክትተኣማመን ማለት እዩ።

**ፍቁድ**

ሙሉእ ዝኾነ (ዓርስኻ ምንእኣስ ዝተወሰኸ) ደላይነት ዘይብሉ ኮይኑ ግን ብህይወት ናብ ዘሎን ዝኽእልን ሰብ ዋኒንኻ ምፅጋዕ ማለት እዩ፤ ዝኾነ ነገር ንኽዕድገልካ ተወካሊ ከምትገብሮ ማለት እዩ

**ንኡሽተይ ሽርኪ**

ምስሙሉእ ዝኾነ (ዓርስኻ ምንእኣስ ዝተወሰኸ) ደላይነት ብህይወት ኣብ ዘሎ ሰብ ዋኒንኻ ምፅጋዕ ማለት እዩ፤ንሽሻይካ ዋላ`ኳ ብህይወት ይኹን ልዕሊ ሰበብ ገይሩ ከም ምፅጋዕ ዘበለ።

**ንብዜካ ኣላህ እንተተዋሂቡ ዓብይ ሽርኪ ዝኾነሉ**

(ድላይ ሽይኽ `ውን እዚ እዩ)

ዓርስኻ ተነኣእሰሉን ባርያ ትኾነሉን ዓይነት ተወኩል። ጥቅምን ጉድኣትን ኣብ ኢዱ ከምዘሎ ጌርካ ሙሉእ ዝኾነ ምፅጋዕ። ንሙውታት ዓርስኻ ከምምንእኣስን ምፅጋዕን

## "ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ወይለ "መመከሒየይ ኣላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል ይከኣል ዶ? ኣየናይ ኸ እዩ እቲ ልክዕ?

"ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ይኹን "መመከሒየይ ኣላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል ኣይፍቀድን። ምኽንያቱ እዚ ተወኩል ብዜካ ኣላህ ዘይግበኦ ስራሕ ናይ ልቢ እዩ። እኳ ደኣስ እቲ ዝሓሸ "እገለ ተወካሊየይ ገይረ" ማለት `ውን ዋኒነይ ሂበዮ በል። ክምቲ ነብዩ ﷺ `ውን ገለ ብፆቶም ንፍሉይ ይኹን ሓፈሻዊ ዋኒን ይውክሉዎም ዝነበሩ ማለት እዩ።

# ሳልሳይ መፍረሲ

**ሙሽሪኪን ካፊር ምዃኖም ዘየተቀበለ፣ ወይ ድማ ካፊር ንምዃኖም ዝትጣራጠረ ወይ `ውን መንገዶም ቅኑዕ ገይሩ ዝሕስብ ካፊር እዩ።**

## ሙሽሪኪን ከም ኢስላም ዘለዎም ፍርዲ?

ፃውዒት ነብይና ﷺ በፂሑዎ ዘይአመነ ኩሉ ዓብይ ሽርኪ ዝገበረ ካፊር እዩ። አላህ ኸምዚ ስለዝበለ {ካብ ብዜካ ኢስላም ኻሊእ ሃይማኖት ንዝደሊ ሰብ ዝቅበሎ የለን። ብመወዳእታ ዓለም `ውን ንሱ ካብቶም ዝሓሰሩ እዩ።} (አሊዒምራን 85)

## አህሉል ኪታብ (ክርስቲያናትን አይሁዳትን) ካብ ሙሽሪኪን ድዮም?

እወ! ብነብዩ ﷺ ዘይአመኑ አህሉል ኪታብ ካብ ሙሽሪኪን እዮም። አላህ ኸምዚ ስለዝበለ፡ {ካብቶም መፅሓፍ ዝተወሃቡ ሰባት እቶም ብአላህን ብመወዳእታ መዓልትን ዘይአመኑ፣ አላህን ልኡኹን ሓራም ንዝገበሩዎ ሓራም ዘይገብሩን እቲ ቅኑዕ መንገዲ ዘይተቀበሉን ትሕቲ ሰብ ዝሓሰሩ ኮይኖም ግብረ ክሳብ ዝኸፍሉ ተቃለሱዎም።} (ተውባ 29) ነብዩ ﷺ ኸምዚ ስለዝበሉ "ብዘዕባይ ሰሚዑ ዘይአመነ ዝመውት ዋላ ሓደ ክርስትያን ወይ አይሁድ የለን ካብ ሰባት ሓዊ ዝኾነ ጥራይ እንተኾነ እምበር"

## እዚ ክበሃል ከሎ ቃል ንዝአተውናሎም ቃልና አይንመልአሎምን ማለት ድዩ?

ቃል ንዝአቶናሉ `ማ ድላይ ረቢ ንኽንረክብ ቃልና ምምላእ ግድን እዩ። ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {ንዓኻትኩም ብቃሎም ክሳብ ዝፀንዑልኩም ብቃልኩም ፅንዑሎም። አላህ ጥንቁቃት ይፈቱ እዩ።} (ተውባ 7) ሰባት ብመሰረት ምስ ሙሽሪኪን ዘለዎም መነባብሮ ስለስተ ዓይነት እዮም፡

| | | |
|---|---|---|
| ብበዓላቶም፣ ብምድላዋቶም፣ ብስነስርዓታቶም ኩሉ ዝሻረኹዎም ሰባት | ብምቅታል፣ ብዓመፅ፣ ብተንኮልን በትሪን ወሰን ሕልፍ ዝብሉ ሰባት | አህሉሱና ወልጀማዓህ ዘለዉሉ ማእኸለዋይ መንነት፤ ብአዕያዶምን በዓላቶምን ዘይምሽራኽ፣ ክንድዝሓለውልና ቃሎም ንሕልወሎም፤ ወሰን ዘይሓለፍና ብዕዳጋን መሸጣን ንነባበሮም፤ ናብ ተውሒድ `ውን ፃውዒት ንገብረሎም። |

# ራብዓይ መፍረሲ

ዝኾነ ይኹን ዓይነት መምርሒ ካብ ናይ ነብዩ ﷺ መምርሒ ብዝሓሸ ዝተማልኸ ገይሩ ዝአምን፣ ወይ ድማ ናይ ኻልኦት ሕግታት ካብ ናይ ነብዩ ﷺ ሕግታት ዝሓሸ ገይሩ ዝአምን - ከምቶም ስራሕቲ ሰብ ዝኾኑ ሕግታት ካብ ሕጊ ነብይና ﷺ ዘብልፁዎ ዓይነቱ - ካፊር እዩ።

## ዓይነታት ብሰብ ስራሕ ሕግታት ምፍራድ

ሕጊ ናይ አላህ አይዕርይን ብዝብል እምነት ሰብ ስራሕ ሕጊ ካብ ናይ አላህ ሕጊ ምቅዳም እዩ። እዚ እምነት ዘለዎ እንተኾይኑ ካብ ኢስላም ዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኽሕደት ገይሩ ኽሒዱ እዩ። ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል {ብዜካኡ ኻሊእ አምላኽ ዘየለ ጥራይ ንኽግዝኡ እምበር ዘይተአዘዙ ምስ ምኺኖም ፈላጣቶምን መለኩሴታቶምን፣ መሲሕ ወድ መርየም ውን ብዜካ አላህ አምላኽ ገይሮም ሒዞም። ካብ ዘሻርኹዎ ኩሉ ዝፀረየ እዩ።}(ተውባ 31)

አላህ ዘውረዶ ሕጊ አፀቢቆም ኽሕዙዎ ዝግባእ ንሃገራት ይኹን ነቶም ሰባት ዝጠቅም ንሱ እዩ ኢሉ ምስ ምእማኑ ሰብ ስራሕ ዝኾነ ሕጊ ንነፍስያኡ፣ ስልጣን ደልዩን ብዝአምሰሉን ምኽንያታት እንተቀዲሙዎ እዚ ከቢድ ዘይኾነ፤ እቲ ንኡስ ዝኾነ ኽሕደትን ዓመፅን እዩ። ብምኽንያት እዚ ሕጊ ናይ ሙስሊም መሰል እንተጥሒሱ ግን ሕልፊ ዓመፅ ይኾነሉ። ከምኡ ውን ናብቲ ካብ መንገዲ ዘውፅእ ዓብይ ኽሕደት ውን ዘብፅሖ እዩ።

# ሓምሻይ መፍረሲ

ነብዩ ﷺ ሒዞሞ ካብ ዝመፁዎ (መምርሒ) ሓንቲ እኳ እንተፀሊኡ ዋላ ዝሰርሖ እንተኾይኑ `ውን ብዘየገድስ ካፊር እዩ።

ነዚ መፍረሲ መርትዖና

ልዑል አላህ ኸምዚ ይብል፡ {እዚ አላህ ንዘውረዶ ዝፀልኡ ብምዃኖም እዩ። ስለዚ ስራሕቶም አዕነዎ።} (ሙሐመድ 9) ኸምኡ `ውን {ብጎይታኻ ይምሕል! አብ ሞንጎኦም ብዝተካትዑሉ ክሳብ ዘፍርዱኻ፣ ካብኡ ብዝሃብካዮም ፍርዲ ድማ አብ ውሽጦም ሕልኽላኽ ብዘይብሉ ክሳብ ዝቅበሉን ሙሉእ ተአዛዝነት ክሳብ ዝእዘዙን (አይአምኑን እዮም)።} (ኒሳእ 65) ብኻሊእ ቃሉ `ውን {አላህ ንኸምራሕ ንዝደለየሉ ልቡ ንኢስላም ዝተፈትሐ ይገብረሉ። ንኽጋገይ ንዝደለየሉ ድማ ልቡ ጸቢብን ናብ ሰማይ ንምውፃእ ኸንድዝቃለስን ፅጉም ይገብረሉ። ብኸምዚ አብዞም ዘይአመኑ ረኽሲ ይገብረሎም።} (አልአንዓም125)

ንአላህ ክትብል ምፍታውን ምፅላእን፡

ንአላህ ክትብል ምፍታውን ምፅላእን ካብ ግቡአት ብሕልፊ ካብ እሙን ናይ ኢማን አግማድ እዩ።

ንአላህ ኢልና ክንፎቱ ግቡእ ዝኾነልና እንታይ እዩ?

- አላህ ዝሕጎሰሉ **ስራሕ**፣ እዚ ኸዓ ከምተውሒድ ዓይነቱ ሽሪዓ ዝመፀሉ ኩሉ ማለት እዩ።
- ከም ነብያት፣ ሩሱላት(ልኡኻት)፣ መላእኽቲ፣ ሱሓበታትን ኩሎም ናይ ተውሒድ ሰባትን ዝአምሰሉ **ብኡ ሰራሕቲ** ምፍታው
- ለይለቱል ቀድርን ናይመወዳእታ ሱሉስ ናይ ለይቲ ዝአምሰሉን አላህ ዝፈትዎም **እዋናት**
- መካን መዲና ነብይናን ዝአምሰሉ አላህ ዝፈትዎም **ቦታታት**

ንአላህ ኢልካ ምፅላኡ ግቡእ ዝኾነ እንታይ እዩ?

| | | | |
|---|---|---|---|
| አላህ ዝፀልአን ዘይደልዮን **ስራሕ**፤ እዚ `ውን ከም ሽርኪ ዓይነቱ አላህ ዝኸልከሎ ኩሉ እዩ። | ከምሙሽሪኪን፣ ሙናፊቅን ሸያጢንን ዓይነቱ **ሰራሓይ** | ከምታ ፀሓይ ትምለኽሉ ዓይነቱ ረቢ ዝፀልኦ **እዋን**፤ | ሽርካ ከምዝግበረሉ ዓይነቱ አላህ ዝፀልኦ **ቦታ** |

ጓል አነስተይቲ ናይ ሰብአይ መርዓት ምብዛሕ እንተፀሊኣ ኽሒዳ `ዶ ትበሃል?

እቲ ወድዓዊ ሓቂ ጓል አነስተይቲ ነቲ ሽሪዓዊ ዝኾነ ሕጊ አይትፀልእን፤ ይኹን ደአ `ምበር ሰብአያ አብ ልዕሌአ ኽምርያ አይትደልይን፤ እዚ ድማ ዘይትንቀፈሉ እዩ።

# ሻድሻይ መፍረሲ

ካብ ነብዩ ﷺ ሃይማኖት ብዝኾነ ነገር ወይ ድማ ብዓስቢ ረቢ ወይ `ውን ብመቅፃዕቱ ዝሕጭጭ ካፊር ኮይኑ እዩ፤ ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ : {...«ብአላህ፣ ብዓናቅፁን ብልኡኹን ትሕጭጩ ዲኹም ኔርኩም?» በሎም። (65) ሰበብ አይትግበሩ፤ ብርግፅ ድሕሪ ምእማንኩም ኽሒድኩም ኢኹም።...} (አት-ተውባህ 65-66)

## ዝሕጭጭ ሰብ፡

### ትርጉሙን ዘለዎ ፍርዲን

ምሕጫጭ ማለት ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ነገር ንሰባት መስሐቂ ምግባር ማለት እዩ። ዝሕጭጭ ሰብ ወይ ድማ ፀራፊ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ ሓቂ ናይ ዝገደፈ ካፊር ዓይነት ካብ መንገዲ ዘውፅእ ኽሕደት ኽሒዱ እዩ። ባዕሉ ድማ - ረቢ ይሓልወና `ምበር- ንዘልአለም አብ ውሽጢ ጀሃነም ይነብር።
ኽፅረፍ ዝሰምዐ `ውን ንኽነቅፍ ወይ ከዓ ካብቲ ኸባቢ ክርሕቅ ይግባእ፤ ብዘይ ምንቃፍ ዝርኢ ከም ፀብፃቢ ዓይነቱ `ውን ኽምኡ እዩ። ልዑል አላህ ኽምዚ ስለዝበለ {ዓናቅፅ ናይ አላህ ክኽሕዱላን ክሕጭጩላን እንተሰሚዕኹም ብኻሊእ ዕላል ክሳብ ዝኾኑ ምስኦም ኮፍ አይትበሉ። ሽዑ ንስኹም `ውን ከማቶም ኢኹም ፤ ዝብል አብ ልዕሌኹም አብ ዉሽጢ መፅሓፉ አውረደ።...} (ኒሳእ 140)

### ናቱ ተውባ ተቀባልነት ዝረክብ ብዝስዕቡ ቅድመ ኩነታት እዩ፡

- ንአላህ ብዝግባእ ኽሞጉስ
- ኽሕጭጭ ካብ ዝነበረሉ ንባዕሉ ኽፅሪይ
- ምእንታን ሓቀኛ ምኟኑ ንርዳእ ጣዕሳኡ ብሩህ ምግባር

ንልኡኽ አላህ ዝፀረፈ ግን ዋላ እቲ ጣዕሳኡ አላህ ዝቅበሎ እማኑ እንተኾነ `ውን ሓላፍነቱ ዘለዎ ሰብ ግን ይቀትሎ እዩ።

ዘረባኡ ብተዘዋዋሪ ኩፍሪ ዘትሕዝ እንተነይሩ ኸ ካፊር ይኸውን ድዩ?

ብሩህ ይግበረሉ `ሞ እንተተጣዒሱ ንገድፎ ፤ እንተዘይኾነ ግን ዋኒኑ ናብ ሽሪዓዊ ዳያኑ (ቃዲ)ን ዓበይቲ ዑለማታትን ይለዓል።

# ሸውዓይ መፍረሲ

ሲሕሪ - ከምኒ መስተፋቅርን መስተፃርርን ዓይነቱ `ውን የጠቃልል - ወይ ዝሰርሐ ወይ ድማ ዝፈተወ ካፊር እዩ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ልዑል ቃል አላህ እዩ: {«ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምሀሩን።} (አል በቀራህ 102)

## ሲሕሪ

### ዘለዎ ፍርዲ

ሲሕሪ ዓብይ ኩፍሪ እዩ፤ ልዑል አላህ ኸምዚ ስለዝበለ {... «ንሕና ፈተና (ጥራይ) ኢና አይትኽሓዱ» ክሳብ ዝብሉ ወላ ሓንቲ አየምሀሩን።...} (አልበቀራ 102)

### ምልክታት ሳሒር(ጠንቋሊ)

- ምጥሓስ ቅድመ ኩነታት ሸሪዓዊ ሩቃ
- ቁርፅራፅ ፊደላት ምፅሓፍ፤ ብዘይፍለጥ ቋንቋ እሂን ምሂን ምባል
- ኮኾብ ምርአይ፣ ከብዲ ኢድን ፉንጃንን ምንባብ
- እናአሰሩ ቱፍ ምባል
- መስተፋቅርን መስተፃርርን
- ሕሙም ሓራም ንኽገብር፤ ሰላት ንኽገድፍ ወይለ ቢስሚላህ ዘይበለ ማሕረድ ንኽሓርድ ምእዛዝ
- ሽም አዶ ምሕታት
- ዒልመል ቀይብ (ካብ ስምዒት ህዋሳት ንላዕሊ ዝኾነ ፍልጠት) ይፈልጥ እየ ምባል

### ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ዘለዎ ፍርዲ

ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ክንብል ከለና ምስኡ ኮፍ ምባል ፤ ወይለ ሰብ ወይ ኸዓ ደብዳቤ ምልአኹ እዩ። ከምኡ `ውን "ስነ ኽዋክብቲ"፣ ንባብ ከብዲ ኢድን ፉንጃንን ዝመሓላለፈሉ ቲቪ፣ ዌብሳይት፣ ጋዜጣ ምርአይ `ውን ኸምኡ እዩ። ከምቲ ብሓዲሥ ዝመፀ ናብ ጠንቋሊ ዝኸደ ሰብ ሰላት አርባዓ መዓልቱ መቅቡል አይኾነሉን፤ ብዛዕባ ዝተዛረቦ እማን ኢሉ ዝተቀበለ ግን ነቢዩ ﷺ ኸምዚ ኢሎም እዮም። {ናብ ጠንቋሊ ከይዱ ንዝተዛረቦ እማን ኢሉ ዝተቀበለ አብ ልዕሊ ሙሓመድ ብዝወረደ (መምርሒ) ኽሒዱ እዩ።} ካብዚ ናፃ ዝኸውን ንምንቃፍ ዝኸደ ጥራይ እዩ።

## ሲሕሪ ምዕናው

እዚ ክንብል ከለና ሲሕሪ ካብ ዝተገበረሉ ሰብ ዝተገበረሉ ሲሕሪ ምፍታሕ ማለት እንትኸውን፤ ዓይነታቱ ድማ፡

### ኽልኩል

ዝኾነ ዓይነት ሲሕሪ እንተሊይዎ፤ ብዛዕባኡ ነብዩ ﷺ {ካብ ስራሕቲ ሸይጣን እያ} ኢሎም እዮም

### ሸሪዓዊ

ስርዓት ሸሪዓ ብዝሓለወ ሩቃ፣ ፍቁድ ብዝኾነ መድሓኒትን ብዱዓእን ዝግበር እዩ።

## ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ይከኣል እዩ ንዝብሉ መልሲ(ረድ)

1. ሲሕሪ ብሲሕሪ ምፍታሕ ምስ ቁርአን፣ ሓዲሥን ቀዳሞት ሷሊሒን(ሰለፍ)ን ምስ ዝነበሩሉ ዝፃባእ እዩ።
2. ብቁርአንን ብዱዓ ነብያዊ ሓዲሣትን ንዝርከብ መድሓኒት ምንእኣስ ዝሓዘ እዩ
3. ሲሕሪን ጠንቋሊን ምጥንኻርን ኣብ መላእ ማሕበረሰብ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣርን እዩ
4. ዘተኣማምን ካብ ዝኾነ ብቁርአንን መሰረት ብዘለዎም ዱዓታትን ምሕካም ናብ ዘየተኣማምን ናይ ሲሕሪ ምሕካም ምግዳድ እዩ።
5. ኣብ እዋን ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው እቲ ዝፈትሕን ዝፍተሐሉን ነቲ ሲሕሪ ንኽፍታሕ ሸይጧን ብዝፈትዎ ኽቃራረቡ ግድን የብሎም
6. ኽምቲ ካብ ነብዩ ﷺ ዝመፀ ሲሕሪ ዝተገበረሉ ሰብ ሰብሪ እንተገይሩ ጀነት ኣላትሉ
7. ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ንዝተስሓረ ሰብ ኣብ ልዕሊ ዝተገበረሉ ዝያዳ ሲሕሪ እዩ ዝውስኸሉ
8. ነብዩ ﷺ `ውን ተሳሒሮም ኔሮም፤ ሸሪዓዊ ብዝኾነ ሩቃ እምበር ብሲሕሪ ኣይተሓከሙን

## ሻምናይ መፍርሲ

(አብ ሞንጎ ፅልኢ ሙስሊማትን ሙሽሪኪንን) ንሙሽሪኪን አብ ልዕሊ ሙስሊሚን ሓገዝን ረድኤትን ምግባር። መርትዖና ዝስዕብ ቃል አላህ እዩ፡ {...አብ ሞንጎኹም ረዳኢ ገይሩ ዝሕዘም ንሱ ምስኦም እዩ። አላህ ዓመፅቲ ዝኾኑ ህዝብታት አየቅንዕን።}(አል ማኢዳህ 51)

### ንሙሽሪኪን አብ ልዕሊ ሙስሊሚን ሓገዝ ምግባር

ዝኾነ ሙስሊም ግቡኡ ካብ ሙሽሪኪን ምስቲ ሃይማኖቶም ምፅራይን ብናታቶም ሃይማኖት ምኽሓድን ከምኡ`ውን ሰባት ተውሒድ ምስ ሃይማኖቶም ምፍታው እዩ። ኩፍሪ ዝፈተወ ወይለ ዝተሓጎሰሉ ወይ`ውን በቲ ዘለውሉ ሓገዝ ዝገበረ ካብ መንገዲ ኢስላም ብዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ምኽሓድ ካፊር ኮይኑ እዩ።

ከምቲ ዘሎ ወድዓዊ ሓቂ ንሙሽሪኪን ሓገዝ ምግባር ከማና ክልተ ዓይነት እዩ፡

**ድሕሪ እምነት ምጥላምን ኩፍሪን ዝኾነ**

ንሙሽሪኪን ብምፍታውን ንሙስሊሚን ብምፅላእን ልዑል ምኺኖም ብምድላይን ንሙሽሪኪን ልዕሊ ሙስሊሚን ንክኾኑ ሓገዝ ምግባር

**ካብ መንገዲ ኢስላም ዘየውፅ**

ብዜካ ንሙሽሪኪን ምፍታውን ንሙስሊሚን ምፅላእን ዘይኾነ ንዱኒያዊ ረብሓ

## ታሽዓይ መፍረሲ

ልክዕ ከምቲ ኸዲር ካብ ሙሳ ﷺ ሸሪዓ ወፂኡ ዝነበረ ንገለ ሰባት`ውን ካብ ነብዩ ሙሓመድ ﷺ ሸሪዓ ኽወፁ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝአምን ካፊር ኮይኑ እዩ።

ገለ ሰባት ካብ ሸሪዓ ሙሓመድ ﷺ ኽወፁ መሰል ኣለዎም ኢሉ ዝኣምን፡

ብመሰረት ሓድነት ቃል ዑለማታት ኢስላም ካብ መንገዲ ዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኩፍሪ ኽሒዱ እዩ። ብሩህ ተገይሩሉ ተጣዒሱ ዝምለስ እንተኾይኑ ተውባ ንኽገብር ይሕተት እንተኣብዩ ይቅተል። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ይብል፡ {(ኦ! ኣንታ ሙሐመድ!) በሎም ኢኻ፡- «ኦ! ኣንቱም ሰባት! ኣነ ናብ ኩላትኹም ዝተለኣኽኩ ልኡኽ እየ።} (ኣል ኣዕራፍ 158) ነብይ ﷺ `ውን ኸምዚ ኢሎም "ሓወይ ሙሳ ብህይወት ተዝህሉ ኔሩ ብዜካ ንዓይ ምስዓብ መማረፂ ኣይምሃለዎን ኔሩ።"

ፃውዒት ነብዩ ﷺ ዝበፅሖም ኣህሉል ኪታብቲ `ውን በዚ ይጠቃለሉ እዮም፤ ከምቲ ኣቀዲምና ዝረኣናዮ ሙሽሪክ ብምዃኖም። ኸዲር ካብ መንገዲ ሙሳ ወፂኡ ድዩ `ኸ? ናይ ኸዲር ካብ መንገዲ ሙሳ ምውፃእ ፅኑዕ ኣይኮነን። እንተፀኒዑ `ውን ምናልባሽ ካብ ህዝቢ ሙሳ ስለዘይኾነ ክኸውን ይኽእል። ነብይ ዝለኣኽ ናብ ህዝብታቱ ጥራይ እዩ ኔሩ፤ ነብይና ﷺ ድማ ናብ መላእ ወድሰብ ዝተለኣኹ ብምዃኖም ዝኾነ ሰብ ካብ መምርሒኦም ኽወፅእ ኣይግበኦን።

## ዓሸራይ መፍረሲ

ብዘይመሃሮን ብዘይሰርሐሉን ካብ ዲን ናይ ኣላህ ዝባኑ ዝሃበ። ነዚ መርትዖና ዝስዕብ ቃል ኣላህ እዩ: {ብዓናቅፅ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ዝባኑ ካብ ዝሃባን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ዓመፀኛ መን ኣሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ዓመፅቲ ግብረ መልሲ ወሃብቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22)

ንዲን ኣላህ ዝባን ምሃብ፡

ልኡኽ ኣላህ ኸምዚ ኢሎም፡ "ኣላህ ኸይሪ ንዝደለየሉ ፍልጠት ቀሊል ይገብረሉ"። ብኻሊእ ኣበሃህላ ኸይሪ ንዘይደለየሉ ድማ ዲን ካብ ምምሃር ይዘናጋዕን ዝባኑ ይህብን። ልዑል ኣላህ ኸምዚ ኢሉ፡ {ብዓናቅፅ ጎይታኡ ካብ ዝተዘከረን ካብኡ ካብ ዝገደፋን ሰብ ንላዕሊ ዝበለፀ ዓመፀኛ መን ኣሎ? (የለን)፤ ንሕና ካብ ዓመፅቲ ግብረ መልሲ ወሃብቲ ኢና} (ሰጅዳህ 22) ሰባት ጀሃነም ድማ -ረቢ ይዓቁበና `ሞ- እቶም ዓመፅቲ እዮም።

ዝባን ምሃብ ከም ኢስላም ዘለዎ ፍርዲ

ካብ ነብዩ ﷺ ዝባን ምሃቡ ብምስማዕ ኮነ ብልቡ ሓቅን ሓሶትን ዘይበለ ብሰንኪኡ ፈታውን ፀላኢን ዘይፈጠረ ሒዞሞ ንዝመፁዎ ቆላሕ እኳ ብዘይብለሉ እንተኾይኑ በቲ ካብ መንገዲ ብዘውፅእ ዓይነት ዓብይ ኽሕደት ካፊር ኾይኑ እዩ።

ልዑል አላህ ኽምዚ ኢሉ፡ {ንዐኦም፡- «አላህ ናብ ዘውረዶ (ቁርኣን)ን ናብ ልኡኹን ምፁ» አብ ዝበሃሉሉ እዋን ሙናፊቃት ካባኻ ምግላብ ኽገልቡ ትሪኦም።} (ኒሳእ 61) ኽምዚ `ውን ይብል፡ {ካብ ጎይታኡ መዘከርታ ዝባን ዝህብ ሓያል መቅፃዕቲ ይግበኦ} (ጅን 17)

## መዘዘሚ ናይ ሸይኽ

ተገዲዱ ክሳብ ዘይኮነ ነዞም አፍረስቲ ዝገብር ብዕላል ይግበሮ ብዕሊ ወይ ኽዓ ፈሪሑ ፍልልይ የብሉን። ኩሎም ድማ ሓደገኛ ዝኾኑን ንብዙሕ ግዜ ዝረአዩን እዮም። ሙስሊም ዝኾነ ሰብ `ውን ክጥንቀቅን ካብ ባዕሉ ስግአት ክሓድረሉን ይግባእ። ቁጠዐን ናቱን ዘሳቂ መቅፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብአላህ ንሕሎ። ሰለዋት ረቢና ካብ መላእ ፍጥረት ብሉፅ ብዝኾኑ፣ ብስድራኦምን ብብፆቶምን ይኹን።

### አብ ሞንጎ እዚኦም መፍረስቲ ፍልልይ የብሉን፡

**ፈራሕ**

ዋላ ሓንቲ ዘገደዶ ነገር ዘይብሉ ብሓሶት አብ ገንዘቡ ወይለ አብ ዘለዎ ደረጃ ንዝበፅሕ ሓደጋ ፍርሒ ኽምዝገበሮ ሰበብ ዝገብር እዩ። ልዑል አላህ ኽምዚ ይብል፡ {አብ ሞንጎ ሰባት 'ብአላህ አሚንና ዝብል አሎ። ብአላህ (ብምእማኑ) እንትዕመፅ ናይ ሰባት ፊትና ከም መቅፃዕቲ ረቢ ይገብር። ካብ ጎይታኻ ረድኤት እንተመፂኡ ድማ 'ንሕና `ኮ ምሳኹም ኢና ኔርና' በሃልቲ እዮም። አላህ በቲ አብ ውሽጢ ዓለም ንዘሎ ዝፈልጥ አይኾነን ዶ ኾይኑ?!} (አል ዓንከቡት 10)

**ናይ ብሓቁ**

እዚ ዝኾነ መፍረሲ ብድልየቱ ጌሩ እኹል ምኽንያት ዘይብሉ እዩ።

**ብዕላልን ቀልድን፡**

ዝኾነ መፍረሲ ይገብርሞ ብዕላል መመኻነይ ዝገብር እዩ።

## ምግዳድ

ተገዲዱ ካብ መፍረስቲ ዝገበረ ካፊር አይኾንን። ተገዲዱ ብዝብል ዑዝሪ ዝኾኑዎ እኹል ምኽንያታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

1. ናይ ብሓቂ ዝተገደደ ክኸውን፤ ፈራሕ ወይ ድማ ዘይግደሰሉ እንተኾይኑ ዑዝሪ አይህልዎን።
2. ወሰን ዘይምሕላፍ፤ ንአብነት ብምፅራፉ ካፊር ዝኾነሉ ሓደ ውልቀሰብ ሰብ ንኽፀርፍ አገዲዶሞ ልዕሊ ሓደ ምፅራፍ ኩፍሪ ይኾነሉ፤ ምኽንያቱ ተገዲዱ ዝነበረ ንሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ኔሩ።
3. ክንድ ኽእለቱ ኽፃረር፤ ትኽ ኢሉ ናብ ዝኾነ ኩፍሪ ንዘይምእታው
4. ልቡ ብኢማን ርጉእ ክኸውን፤ ማለት ዋላ ብቃሉ ይበሎ በቲ ብልቡ ዘሎ ግን ርጉእ ኢማን ክኸውን
5. ዝተገደደሉ ናብ ኻልኦት ዝመሓላለፍ ፈሳድ ወይ ድማ ንሰባት ምግጋይ ከይህልዎ

## አገደስቲ መዘኻኽሪታት

**ቀዳማይ፡** በዚ ኪታብ ናይ ሸይኽ ድላይ ሰባት ካፊር ምግባር አይኮነን፤ እኳ ደአስ ሰባት ንኽፈልጡ፣ ካብኡ ንክርሕቁዋን ጥንቁቃት ንክኾኑን እዩ። ሰባት እንተርሒቆሚ ዘለዎም ኢማን ልክዕን ካብ መሳቀይ መቅፃዕቲ `ውን መድሐኒን ይኾኖም። ከምቲ ኻልኦት ሰባት `ውን ንክርሕቁዋ ኽገብሩ ከምዝግበኦም። ንሳ ሰባት ንኽፈልጡዋን ንክርሕቁዋን ዝግበአ ዝኾነት ዓባይ ሓደጋ እያ።

**ኻልአይ፡** ናይ ሙስሊም ካብ ሽርኪ ምርሓቅ ሸሪዓዊ ዝኾነ ፍልጠት ብምርካብ እዩ። ነብዩ ﷺ ኽምዚ ይብሉ "አላህ ኽይሪ ንዝደለየሉ ዒልሚ ቀሊል ይገብረሉ"። ዲንኻ ምርዳእ ካብ ዓበይቲ ግቡአት ሓደ እዩ። ብምኽንያት እዚ ወድ ሰብ ንባዕሉ ካብ ሽርኪ፣ ቢድዓን ዓመፅን ይዕቅበሉ። ኩልሻብ ብዛዕባ ጎይታኡ ዘለዎ ፍልጠት ክንድዝወሰኽ ብስርሑን ኩነታቱን ኩሉ አላህ ንዑኡ ንዘለዎ ምቁፅፃር ግዙእ ምዃኑ ይውስኽ። ወድሰብ ብፍልጠት ልዕል ብዝበለሉ ልክዕ ኢኽላሱ ውን ይውስኽ ኢማኑ `ውን ዝተማልኧ ይኸውን። ገለ ዑለማታት ኽምዚ ይብሉ "ፍልጠት ንኻሊእ ኢልና ደሊና ንአላህ እንተዘይኾይኑ ኢሉ `ምበር አብዩና"።

**ሳልሳይ፡** ውልቀሰብ ካብዚኦም መፍረስቲ በቲ ሓደ ዓሪፉ መርትያ ጠጠው ተገይሩሉ ካፊር ዝብል ፍርዲ ካብ ምሃብ ዝዕቅብ ኽምዘየለ ክሳብ ዘይተረጋገፀ ካፊር ኽበሃል አይኽእልን። ነዚ ፍርዲ ዝህብ `ውን ንሙስሊሚን ዘመሓድር አሚር ወይ ድማ ከም ቃዲ (ዳኛ) ዓይነት ናቱ መተካእታ ክኸውን ይግባእ። መብዛሕቱ ማሕበረሰብ ግን ብኽምዚ ዓይነቱ ዛዕባ ኢዱ ኽእቱ አይግበኦን።

**ራብዓይ፡** ሸይኹ ረቢ ይርሓመሉ `ሞ ኪታቡ ኽምዚ ብምባል ብዱዓ ዛዚሙ። "ቁጠዐ ናቱን ዘሳቂ መቅፃዕቱን ካብ ዘስዕብ ብአላህ ንሕሎ።" እዚ `ውን ንተምሃሮታቱ ብዘለዎ ሰናይ ሓሳብን ራህራህ መንነትን እዩ። ረቢ ይምሓርን ዓስቢ ናቱ የብዝሓሉን `ምበር ብኹሉ ፅሑፋቱ ኽምዚ እዩ።

# ዓርስኻ ፈትን

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በቲ ዝተወሃበ ቦታ መልሲ ሃበሎም

1. ዑላማታት ንምንታይ እዮም ብቢስሚላህ ዝጅምሩ?

   (1).....................................................................

   (2).....................................................................

   (3).....................................................................

   (4).....................................................................

2. መፍረስቲ ኢስላም እንታይ ማለት እዩ?

   .....................................................................

   .....................................................................

3. ዑላማእ ንምንታይ እዮም ሓደ ሓደ ጊዜ መፍረስቲ፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ መዝረግቲ ኻሊእ ጊዜ ኸዓ መዕነውቲ ብዝብል ዝገልፁዎ?

   .....................................................................

   .....................................................................

4. እዞም መፍረስቲ ሓድነት ዑለማታት ዘለዎም ድዮም?

   .....................................................................

   .....................................................................

5. እዞም መፍረስቲ ብቁፅሪ ወሰን ዘለዎም ድዮም?

-ወሰን አለዎም -ወሰን የብሎምን - ብቁፅሪ ዘይኾነ ከም ብሓፈሻ ወሰን አለዎም

6. ንምንታይ ደአ`ሞ ሸይኽ ዓሰርተ እዮም ኢሎም?

.........................................................................................

.........................................................................................

7. ብቁርአንን ብሓዲሥን ዝተጠቅሰ ቁፅሪ ትርጉም ይህልዎ ዶ? ማለት አይውሰኽሉን?

.........................................................................................

.........................................................................................

8. ንምታይ ከ እዩ ሓደ ሓደ ጊዜ ቁፅሪ ተዘኪሩ ግን ትርጉም ዘይህልዎ?

.........................................................................................

.........................................................................................

9. ቁፅሪ ተዘኪሩ ትርጉም ንዘለዎ አብነት ግበር?

.........................................................................................

.........................................................................................

10. ቁፅሪ ተዘኪሩ ትርጉም ንዘይብሉ አብነት ግበር?

.........................................................................................

.........................................................................................

11. ሸይኽ ልዕሊ ዓሰርተ መፍረስቲ ከምዘለው ይአምን ዶ?

.........................................................................................

.........................................................................................

12. ካብ አበሃህላኡ አየናይ እዩ ነዚ ዘትሕዘና?

.........................................................................................

.........................................................................................

13. ንመፍረስቲ ወሰን ምግባር ይከአል ዶ?

.........................................................................................

.........................................................................................

14. ንመፍረስቲ ኸመይ ወሰን ምግባር ይከኣል?

(1)...............................................................................

(2)...............................................................................

(3)...............................................................................

(4)...............................................................................

15. ንምንታይ ኢና ብዛዕባ መፍረስቲ ንመሃር?

...............................................................................

...............................................................................

16. ብዜካ ሽይኽ ብዛዕባ መፍረስቲ ዝፀሓፈ ኣሎ ዶ?

...............................................................................

...............................................................................

17. ብዛዕባ መፍረስቲ ኣብ ሞንጎ ስርሑን ሰራሒን ፍልልይ ኣለዎ ዶ?

...............................................................................

...............................................................................

18. ብኸመይ ይፈላለዩ?

...............................................................................

...............................................................................

19. ሽይኽ ብዛዕባ መፍረስቲ ብምዝካሩ ድላዩ ሰባት ካፊር ምግባር ድዩ?

...............................................................................

...............................................................................

20. ብዛዕባ መፍረስቲ ካብ ዝተመሃረ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

...............................................................................

...............................................................................

21. ሽይኽ ብፍላይ ዝደለዮ ኣየናይ ዓይነት ሽርኪ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

22. ኣብ ሞንጎ ዓብይ ሽርኪን ንኡስ ሽርኪን ከመይ ንፈሊ?

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

..............................................................................

23. ዓብይ ሽርኪ ዝገበረ ሰብ ጣዕሳኡ (ተውባኡ) መቅቡል ድዩ? መዓዝ ከ እዩ መቅቡል ዘይኾውን?

..............................................................................

..............................................................................

24. ኣየናይ ኸ እዩ እቲ ኸቢድ ንኡስ ሽርኪ ወይለ ከቢድ ሓጢኣት?

..............................................................................

..............................................................................

25. ንሓጢኣት ከቢድ ምኺን መለክዒኡ እንታይ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

26. ከበድቲ ሓጢኣት ብቁፅሪ ወሰን ኣለዎም ዶ?

..............................................................................

..............................................................................

27. ከቢድ ሓጢአት ዝሰርሐ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ? ንፈትዎ዗ ዶ ንፀልኦ?

................................................................................

................................................................................

................................................................................

................................................................................

28. ከቢድ ሓጢአት ምስ ዝሰርሐ ሰብ ዕላል ይግበር ዶ?

................................................................................

................................................................................

29. ከበድቲ ሓጢአት ብደረጃ ይፈላለዩ ድዮም? እንታይ ከ እዩ መርትዖኡ?

................................................................................

................................................................................

30. ከበድቲ ሓጢአት ብሰናይ ስራሕቲ ይጠፍኡ ድዮም? ወይለ ተውባ ግድን እዩ?

................................................................................

................................................................................

31. ኽልኩል ነገራት ክንደይ ዓይነት እዮም?

................................................................................

................................................................................

32. ዓይነታት ዓብይ ሽርኪ ግለፅ

(1)................................................................................

(2)................................................................................

(3)................................................................................

(4)................................................................................

33. ዓይነታት ማሕረድ ግለፅ

(1)................................................................................

(2).................................................................

(3).................................................................

34. መዓዝ እዩ ማሕረድ ኣብ ዓብይ ሽርኪ ዝኸውን?

.......................................................................

.......................................................................

35. ዓይነታት ሽፈዓ ግለፅ

(1).................................................................

(2).................................................................

(3).................................................................

36. ተወኩል እንታይ እዩ?

.......................................................................

.......................................................................

37. ተወኩል ናብ ክንደይ ይምቀል?

(1).................................................................

(2).................................................................

(3).................................................................

38. "ብገለ እፅጋዕ/እምካሕ" ይኹን "መመከሒየይ ኣላህ ካብኡ ድማ እገለ" ምባል ልክዕ ድዩ?

- ልክዕ እዩ - ልክዕ ኣይኮነን

39. እንታይ ከ እዩ ኽብል ዝግበኦ?

.......................................................................

.......................................................................

40. ሙሽሪኪን ካፊር ንምኧኖም መርትዖኡ እንታይ እዩ? ኣህሉል ኪታብ ከ ከማቶም ድዮም?

........................................................................................

........................................................................................

41. እዚ ክበሃል ከሎ ቃል ንዝአተውናሎም ቃልና አይንመልአሎምን ማለት ድዩ?

........................................................................................

........................................................................................

42. ሰባት ከም ቃል ምእታው ናብ ኽንደይ ይምቀሉ?

(1)........................................................................................

(2)........................................................................................

(3)........................................................................................

43. ስራሕ ሰብ ብዝኾነ ሕጊ ፍርዲ ምሃብ ናብ ኽንደይ ይምቀል?

........................................................................................

........................................................................................

44. ንአላህ ኢልኻ ምፍታው ከም ኢስላም ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

........................................................................................

........................................................................................

45. ንአላህ ኢልና ንፈትዎ መን እዩ? ንአላህ ኢልና ንፀልኦ ኸ መን እዩ?

........................................................................................

........................................................................................

46. ዝሕጭጭ ሰብ ካብ አየናይ ዓይነት ኩፍሪ ይኸውን?

........................................................................................

........................................................................................

47. ንዝሕጭጭ ሰብ (ቅድሚ ቃዲ) ተውባ አለዎ ዶ? ቅድመ ኩነታቱ ኸ?

(1)........................................................................................

(2)........................................................................................

(3)..........................................................................

48. ንነብዩ ﷺ ዝፀረፈ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

49. ፀርፊ (ኩፍሪ) ዝሰምዕ ሰብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

50. ሳሒር ካፊር ንምኳኑ መርትዖኡ እንታይ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

51. ምልክታት ሳሒር እንታይ እንታይ እዮም?

..............................................................................

..............................................................................

52. ናብ ጠንቋሊ ምኻድ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..............................................................................

..............................................................................

53. ናባታቶም ብኸመይ `ሞ እዩ ዝኽየድ?

..............................................................................

..............................................................................

54. ዓነታት ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ግለፅ?

(1)..........................................................................

(2)..........................................................................

55. ሲሕሪ ብሲሕሪ ምዕናው ይከአል እዩ ንዝብል ከመይ ንመልሰሉ?

(1)..........................................................................

(2)..................................................................

(3)..................................................................

(4)..................................................................

(5)..................................................................

(6)..................................................................

(7)..................................................................

(8)..................................................................

56. ንሙሽሪኪን ምሕጋዝ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..........................................................................

..........................................................................

57. ንዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ሸሪዓ ሙሓመድ ﷺ ምውፃእ ይፍቀድ ድዩ?

..........................................................................

..........................................................................

58. ኸዲር ካብ (መምርሒ ናይ) ሙሰ ወፂኡ ድዩ?

..........................................................................

..........................................................................

59. (ንሃይማኖት ኢስላም) ዝባንኻ ምሃብ ዘለዎ ፍርዲ እንታይ እዩ?

..........................................................................

..........................................................................

60. ከም አበሃህላ ሸይኽ ፈራሕ ኽብል ከሎ እንታይ ንምባል እዩ? ዝተገደደ ንምባል ድዩ?

..........................................................................

..........................................................................

61. ቅድመ ኩነታት ምግዳድ ግለፅ

(1)..................................................................

(2)..................................................................

(3)..................................................................

(4)..................................................................

(5)..................................................................

62. ብዱዓ ምዝዛሙ እንታይ አምፂኡዎ?

.........................................................................

.........................................................................

63. ሓደ ሙስሊም ከመይ እዩ ካብ ባዕሉ ሽርኪ ዝፈርሕ?

.........................................................................

.........................................................................